


# <u>ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ኣባላት ሰዲህኤ ዞባ ኤውሮጳ</u>

ብዕለት 26 ጥቅምቲ 2018 ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ኣባላት ሰዲህኤ ዞባ ኤውሮጳ ተኻይዱ። ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳ ሰዲህኤ ሓው ሓምድ ድራር ኣብ መእተዊ ኣኼባ ንኩሎም ኣባላት ኣንቋዕ ደሓን መጻኹም ድሕሪ ምባል ሰዲህኤ ንህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ሰላምን ፍትሓውን ምዕራፍ ንምስግጋር ኣብ ነካይዶ ዘሎና ቃልሲ ንቀጻልን ሓያልን ኣተሃላልዋ ሰልፍናን ከምኡ ደምበ ተቃውሞ ብሓፈሻ ኣብነታዊ ስርሓት ኣብ ምክያድ ይርከብ ኣሎ። እዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ካብ ውሽጢ ሓደ ሰልፊ ይኹን ማሕበር ክረአ ዘለዎ ተሪር ሓድነት፡ ምርድዳእ ኣብ መንጎ መሪሕነት ኣባላት ዝካየድ እንካን ሃባን ካብ ዝነቐል ሓሳባት ተደማሚሩ ንግዳማዊ ዝድምናታት ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ንቀረባን ርሑቕን መደባት ንምዕዋት ዘኽእል እዩ።

ሰዲህኤ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ምዱብ ኣኼባ ዘልዓሎም ኣርእስትን ሕጅን ዘሎ ፍልልያት ንባዕሉ ሓደ ምስክር'ዩ። ምእንቲ'ዚ ከኣ ሰዲህኤ ኣብ ዘካይዶ ግሉጽን ዲሞክራሲያውን ፍትሓዊ ቃልሲ እጃሙ ከልዕል ብተደጋጋሚ እምነቱ ክገልጽ ጸኒሑ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ከኣ ሰልፍና ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ካብ'ቶም ብቀዳምነት ዝርእዮም ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉዳያት ብምኳኑ ኣበርቲዑ ይቃለስ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ጉዳይ መስርሕ ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ዝተዛረብናሎም ስለ ዝኾነ ሕጂ ንሃልኪ ግዜ ምዝራብ ነቲ ትሰምዕዎን ትርእይዎን ኩሉ ምድጋም ከይከውን፡ ኣብ ኣብ ካልእ ኣጀንዳ መደባት ምዝራብ እዩ ዝሓይሽ። ውሽጣዊ ሓድነትና ንምሕያል ቃልሲ ደልዲልና ምስ ኩሉ ዲሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ

ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ንህዝብናን ሃገርና ካብ ዘርብሕዎ ኣውራ ክንዛረበሎም ዘሎና ጉዳያት ኮይኖም ይሰምዑኒ።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝረኣዩን ንዝፍጸሙ ፖለቲካዊ ለውጢታት ንዓናን'ኳ ክጸልወና ዝኽእል እንተኾነ፡ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገርና ዘይውክል ከም ደርፊ ምድግጋሙ ኣየድልን፡ እንታይ ደኣ ንሕና ከም ኤርትራውያን ንዘለና ግሉጽ ንጹርን ዲሞክራሱያዊ ዕላማታትና ምግላጽ፡ ብዛዓብኡ ምዝራብን ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእ ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ንረኽቦ ረብሓ ስለ ዝዓብየና።

ኣብ'ዚ ከይጠቀስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ሓደ ሰዲህኤ ዞባ ኤውሮጳ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ብደረጃ መሪሕነት ዞባ ኤውሮጳ ይኹን ሓፈሻ ምንቅስቓስ ኣባላትና ብግቡእ ምፍጻሙ ዝነኣድ'ዩ። ምእንቲ'ዚ ከኣ እየ ኣብ ካልኣይ ምድቡ ኣኼባና ዝተፈለየ ኣጀንዳ ኣቕሪብና ክንካታዕ በቂዕና ዝበልክዎ። ብተወሳኺ ኣብ'ዚ ኣባላት መሪሕነት ዞባንን ሰልፍን ስለ ዘለዉ ተወሳኺ ሓሳብን ሓድሽ ሓበሬታ ክህቡ እንተደለዩ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክንሰምዖም ቅሩባት ኣለና ብምባል፡ መግለጺኡ ደምደመ።

ቀጺሉ ሓላፊ ገንዘባዊ ጉዳያት ዞባ ኤውሮጳ ሓው ዳዊት ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ኣባላት ዘርእይዎ ምትሕብባርን ብግቡእ ምፍጻም ንኢዱ፡ ሰልፍና ኣብ ሓድሕድ ዝምድናታቱን ስርሓቱን ከኣ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ብዝያዳ ከሕይሎ ጸዊዑ።

ብዝተወሳኺ ሓላፊ ስርዒታዊ ቤት ጽሕፈት ሰዲህኤ ሓው ብርሃነ ገብረክርስቶስ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሰልፊ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ስርሓት መደባን ገሊጹ፡ ኣብ መግለጺኡ ሰዲህኤ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ብፍላይ ኣብ ስርርዓት መደብ "ከም'ቲ ሓምድ ድራር ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳ ዝበሎ" ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከም ዝርከብን መደባት ብስሩዕ ኣብ ምስልሳል ከም ምህላዉ ገሊጹ። ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ኣባላትና ዝርከብዎ ከባቢ ምስ ደሞክራስያውን ሓይልታት ሓቢርካ ንኩነታት ህዝብና ንምቕያር ዝካየድ ቃልሲ ብቀጻሊ ይዝረበሉ ኣሎ ክብል ሓበሬታ ኣቕሪቡ። ምስ'ዚ ዝተኣሳሰረ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ከባቢኡም ንዝተፈጸመን ዝግበር ኤርትራዊ ንጥፈታት ብተሳታፍነቶም ብተገዳስነቶም ንሓድነት ደሞክራሲያዊ ሓይልታት ንምድልዳል እጃሞም ከም ዘካይዱ ሓቢሮም።

ብድሕሪ'ዚ ከኣ ኣባላት ንመግለጺ መሪሕነትን ዞባ ከም ዝሰማምዕሉን ሰልፍ ንምሕያል ከኣ ካብኦም ንዝጥለብ እጃሞም ከበርክቱ መብጽዓ ኣይትዮም ኣኼባ ተደምዲሙ።

ሽማግለ ሰዲህኤ
ዞባ ኤውሮጳ

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና